<u>ንገዛይ ሰለስተ ግዜ ተሳሊመ ተፋኒየያ</u>

**ካልኣይ ክፋል**

*ዝኸበርኩም ኣሕዋት፡ ከመይ ቀኒኹም፡ ምሉእ ቅሳነት ክህልወኩም እምነ። ብርሃነ ወዲ ጋሽ-ባርካ ካብ ገዛኡ ክወጽእ እንክሎ ጀሚሩ ንዘጋጠሞ ብደሆ፡ "ኤርትራዊ ሓጎስ ንኽረክብ ኩሉ ግዜ ኣብ ጉዕዞ" ብዝብል ኣርእስቲ ናብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ዝዘርገሖ ጽሑፍ መሰረት ገይረ ዘዳለኽዎ ጽሑፍ ቀዳማይ ክፋል ሰዲደልኩም ነይረ። ካልኣይ ክፋሉ ድማ እነሆ። ሰናይ ንባብ።*

*ኣብ ቀዳመይ ክፋል ናይ ጽሑፈይ፡ ኣወጻጽኣ ናይ ብርሃነ ካብ ኤርትራ ብመሰረቱ ካብ ናይ ካልኦት ኤርትራውያን ከም ዘይፍለ ኣተንቢሀ ነይረ። ብርግጽ ከኣ ኤርትራውያን ካብ ኤርትራ ክወጽኡ ምኽንያት ዝኾነን፡ ካብ ማይ ቤቶም ዝጅመር መስርሕ ስደትን ሳዕቤናቱን ካብ ዝተፈላለዩ ሰባት፡ ብዓየነቱን ብዓቀኑን ጥራሕ ዝፈላለ፡ ግን ከኣ ብዙሕ ኣበጉድር ኢኻ ትሰምዕ። ይኹን ደኣምበር ነቲ መፈጠርካ ዘጽልእ ሕሱም ጉዕዞ ስደት ብከም'ዚ ብርሃነ ሰኒዱ ዘርጊሕዎ ዘሎ፡ ዝተረፈ ክመሃረሉ ብዝጥዕም ናብ ህዝቢ ዝዘርግሕዎ ኣዝዮም ውሑዳት ኣብነታውያን ጥራሕ ብምዃኖም፡ ካብኡ ክርከብ ዝግባእ ተመክሮ ብከም'ቲ ዝድለ ይርከብ የለን ዝብል እምነት ኣለኒ። ካብ'ዚ ስኽፍታ'ዚ ነቒለ ድማ'የ ካብ'ቲ ብርሃነ ዘርጊሕዎ ዘሎ ሰፊሕ ጽሑፍ ገለ ፍርይ ፍርይ ዝበለ ሓሳባት እናመዘዝኩ ርእይቶ ክህበሉ ዝተበገስኩ።*

*ብርሃነ፡ ወዲ ጋሽ-ባርካ ዘጋጠሞ ብደሆታት ኣመልኪቱ ዝጀመሮ ዛንታ ይቕጽል፡- ምስ'ቲ ቀትሪ ምዃኑ፡ ጸሓይን ድኻምን ተደማሚሩ ጸላዕላዕ በለኒ። ኣሕ ካብ ሕጂ'ዶ ጥዑም ከይረክብ በልኩ። እታ ዝነበርክዋ እምኒ ኣዝያ ዓባይ ብምንባራ ኣብ ልዕሊኣ ዝነበረ ዋርድያ ብማዕዶ ረኣየኒ። ኣንተ ኣይዞህ (ኣታ ኣጆኻ) ክብለኒ ድማ ሰማዕክዎ። ቅድም ክብል ብ6 ሰነ 2011 ኣብ ከባቢ ሳምናይት ብስግረ ዶብ ተታሒዘ ነይረ። ምኽንያቱ ካብ ሻምብቆ ናብ ኢትዮጵያ ቀረባ'ዩ። እንተኾነ ሓንጎለይ በቲ ተካል ኣተሓሳስባ ስለዝመልአ፡ ናብ ጸላኢኻ'ዶ ኢድካ ትህብ ኢኻ ዝብል ኣጉል ኒሕ ስለዝሃሰየኒ፡ ኣብ ክንዲ ናብ ኢትዮጵያ ናብ ሱዳን ክወጽእ ዝገበርክዎ ፈተነ ፈሺሉኒ ተታሒዘ ነይረ'የ። ብዝኾነ እቲ ብማዕዶ ዝረኣየኒ ወተሃደር ንብጾቱ ክሕግዙኒ ኣዘዞም። እቶም ወተሃደራት ብልዕለይ ሽታሕታሕ እናበሉ ክወርዱ ድማ ሰማዕኩ። ኣብ ዘለኽዎ መጺኦም ደጊፎም ኣተስኡኒ። ደጊፎም ኣብ'ቲ ኅቦ ምስ ኣውጽኡኒ ብምልክት ገይረ ኣዕርፉኒ በልክዎም። እሺ እሺ ድማ በሉኒ። ብናይ ድፋዕ ከናለ ቁሩብ ምስተጎዓዝኩ ብዙሓት ወተሃደራት ኣብ ዘለውዎ ቦታ ኣተኹሞ፡ ሓደ ካብ'ቶም ወተሃደራት እዚጋ ቁጭ በል (ኣብ'ዚ ኮፍ በል) ምስ በለኒ ኮፍ በልኩ። ተቐላጢፉ ዝስተ ማይ ሃበኒ። ጸሚኢ ስለ ዝነበርኩ ድማ ጣማጣማ ኢለ ሰተኽዎ። እቲ ወተሃደር እንደገና ባኒ ሂቡኒ። ግን ምስ'ቲ ድኻም ከመይ ገይረ ከውርዶ? ብዝኾነ ስመይ መዝገቦም የዳቦ መኪና እስክትመጣ ቁጭበል ( ባኒ ተምጽእ መኪና ክሳብ ትመጽእ ኣብ'ዚ ኮፍ በል) ኢሎምኒ ምስ ኣርባዕተ ብጾተይ ኣብ ኅቦ ኅሶማ ምስ'ቶም ወተሃደራት ሓዲርና ይብል ሚስክናይ ረኻቢ መከራ በርሃነ ወዲ ጋሽ-ባርካ።*

*ካብ ኅቦ ኅሶማ ናብ ከባቢ ባድመ ከም ዝወሰድዎም ካብ ካልእ ምስ ዝመጽኡ ኤርትራውያን ኣብ ሓደ ኣኪቦም ከም እንደገና መዝገቦም ኣብ ሓደ ዓቢ ገዛ ከም ዘደቀስዎም፡ ሓደ ካብ መዳቕስቱ ንግሆ ምስ ኣተስእዎም፡ ከይተፈለጢ ወጊሓ ምስ በሎ፡ ብርሃነ ድማ ቀሲንካ ( ነጻነት የብላን መሰታ ይብል ነፍስሄር የማነ ገብረሚካኤል ባርያ) ሕጂ'ያ ነብስኻ ነጻነት ክትለማማዶ ከም ዝበሎ የዘንቱ። ነዚ ተንተንቲ ፖለቲካ፣ ጸሓፍቲ ታሪኽ፣ ትርጉሙ ብግቡእ ክስተማቕሩ ዝኽእሉ፡ ኣከናውና ህዝቦም ዘንብቡ ስነ-ጥበበኛታት ረኺቦም፡ ብሞያኦም ወይ ክእለቶም ከሸኖም ብግቡእ ክጥቀምሉ እንተዝኽእሉ ኣዝዩ ረዚን መልእኽቲ ዝሓዘለ ዘረባ'ዩ። ኤርትራውያን ካብ'ቲ መራሒ ነጻነት ኢሎም ዝተቐበልዎም'ሞ፡ ንሓጎሶም ረመጽ፡ ንእምነቶም ጥልመት ዝመለሰሉ፡ ብትውልዱ ደኣምበር፡ ብባህርን ብተግባርን ዘይናቶም መንግስታዊ ጉጅለ ካብ ሞት ኣምሊጦም፡ ብወተሃደራት ናይ'ቲ ጸላኢ እናተበሃለ ዝንገሮም ዝነበረ ስርዓት ዝተግብረሎም ምቕሉል ኣቀባብላን ሰብኣዊ ምድንጋጽን ዝምስገን'ዩ። ኣብ ተራ ጽልኢ ዝተመሰረተ ፕሮፖጋንዳ ክትምገብ ጸኒሕካ ኩነታት ኣብ ባይታ ብግልባጡ ክጸንሓካ እንከሎ፡ ምስ ነብስኻ ትዕረቐሉ ትምህርቲ እውን'ዩ። ስለዚ እዚ ጉዳይ'ዚ ብሞያኦም ዝምልከቶም ወገናት፡ ሰኒዶም ናብ ህዝቢ እንተዝዘርግሕዎ፡ ህግደፍ መን ምዃኑ ኣብ ምኽሻሕ ብዙሕ ምሓገዘ እብል።*

*ብርሃነ ዕላልና ከይወዳእና ያላ ተስኡ በሉና'ሞ፡ ብሓንቲ ኣምቡላንስ ትመስል ንእሽቶ መኪና ኣበገሱና ይብል። ኣብ'ታ ኣምቡላንስ ምሳና ዝተጓዕዘ ተጋሩ ነይረን። ሓደ ካባና ትግርኛ ክዛረባ ሰሚዑ፡ ዓው ኢሉ እውይ ትግረወይቲ በለ።*

ኣውቲስታ ገሪምዎ ጠመተና። ካልእ ዝብሎ ኣይነበሮን። ንሕና ግን በቲ ሓሳቡን ዓውታኡን ተገሪምና ኣንታይ እንታይ ኮይንካ ከምኡ ትብል በልናዮ። ኣይመለሰን። ምኽንያት ከምኡ መበሊኡ ድማ ኣይተረዳኣኒን። ብዝኾነ ድሕሪ ነዊሕ ጉዕዞ ሽረ ሓሊፍና ናብ'ታ ስደተኛታት ዝምዝገቡላ ዓሽራ ዝገብሩላ እንዳባጉና ኣተና። እንዳባጉና እንኮላይ ናይ ትሕቲ ዕድመ ካምቢ'ያ።

እንዳባጉና ሓዲርና፡ ኦርኒክ መሊእና ናይ ኣጻብዕቲ ዓሽራ (ፊርማ) ገይርና ተሳኢልና ምስ ወዳእና፡ ናይ መወዳእታ ሕቶታት መጽኣና። ወተሃደር ዲኻ ተማሃራይ ዝብል ሕቶ? ኣነ ድማ ተማሃራየ እብሎ። ሓታቲ ተመሊሱ ኣብ ኤርትራ ክንዳኻ ዝኸውን ተማሃራይ የለን ይብለኒ። ኣነ ተማሃራይ ነይረ ግን ኣቍሪጸ'የ እብሎ። ክንደይ ገርካ ካብ ተቋርጽ? ኣርባዕተ ዓመት። ብሕቶ ኣዋጠረኒ። ሕሰበላ ድማ በለኒ። እንተኾነ ኣበይ፡ መዓስ ክሳብ ክንዳይ ምስሓበርክዎ፡ እታ ሕሰባላ ትብል ንብዙሓት ክሳብ ክልተ ሰለስተ ሰሙን ኣብ እንዳባጉና ቀንፊዘው ክብሉ ትገብሮም ዘይጥዕምቲ ውሳነ ሓሊፋትለይ ይብል።

እንተኾነ 'ዚ፡ ብደሆታቱ ዘዘንተወ ኤርትራዊ ንምንታይን እንታይ ስግኣት ስለዘለዎ ኣይፈልጥን ምሉእ ስሙ ኣይጸሓፈን። ብርሃነ ሓቀኛ ስሙ ክኸውን ይኽእል'ዩ። ጋሽ-ባርካ ዝበሃል ስም ሰብ ግን ሰሚዐ ኣይፈልጥን። ምናልባት ከዘንቱ እንከሎ ሻብቆ ዓደይ ዝብል ደጋጊሙ ገሊጹ ኣሎ። ሻምብቆ ዝርከበሉ ከባቢ ድማ ጋሽ-ባርካ ብምዃኑ ወዲ ጋሽ-ባርካ'የ ንምባል ዝተጠቅመሉ ክኸውን ይኽእል ኢለ እግምት። ብርሃነ ሕጂ ዘለዎ ቦታ ወይ ሃገር'ውን ኣይሓበረን። ኣብ ክንዲ ከምኡ ምሉእ ስሙ እንተዝገልጽ ግን ተመክሮኡ ሓቀኛ ንምዃኑ፡ ፈጠራዊ ትረኻ ንዘይምዃኑ ንዝጠራጠሩ ኣንበብቱ ዝያዳ ክተኣማመኑ ምገበሮም ነይሩ። ውሑድ ዘይኮነ ኤርትራዊ ኣብ'ዚ መድረኽ'ዚ፡ ብስግኣት ተዋሒጡ ምትእምማን ዝሰኣነሉ ኩነታት ምዃኑ ኣብ ግምት ብምእታው ግን፡ ስግኣት ዝፈጠሮ'ዩ ኢልካ ክውሰድ ይከኣል።

ምኽንያቱ ህግደፍ ብቐረባ ኣብ ዘረኻኽበሉ ቦታ ኮይንካ ናይ ልብኻ እንተተዛሪብካ ብዕሱባት መጋበርያታት ከጥቀዐካ'ዩ። ኣብ ርሑቕ ስደት ኣብ ምዕራባዊ ዓለም ኮይንካ ኩሉ ትፈልጦን ትኣምነሉን እንተገሊጽካ ብተመሳሳሊ፡ ኣብ ክንዳኻ ቤተ-ሰብካ ዘጥቅዕ ኣረሜናዊ ጉጅለ'ዩ ዝብል ልክዑ ዝሓለፎ ስግኣትን ስለ ዘሎ፡ እዚታት ዝተሓወሶ ክኸውን ይኽእል። ብወገነይ ግን ምሉእ ስሙ ብዘይምጽሓፉ፡ ነቲ ትሕዝቶ የፍኩሶ'ዩ ዝብል እምነት የብለይን። ሓውና ብርሃነ ካብ ስድራ ቤቱ ክፈላለ እንከሎ ኣትሒዙ፡ ውሽጣዊ ስምዒቱ፡ ዘጋጥሞ ናይ ባህርን ሰብን ብደሆታት ሓቢሩ ኣሎ። እዚ ሕልፈት ኤርትራውያን ዝውክል ተመክሮ'ዩ ዝብል እምነት ኣለኒ። መልእኽቲ ሓውና ብርሃነ ሓቀኛ'ዩ ኢለ ብምትእምማን ክቕበል ዝደረኸኒ፡ ውዕሎኡ ወይ ዝገጠሞ ብደሆታት ብምግላጹ ጥራሕ ኣይኮነን። እንታይ ደኣ ካብ'ቲ ጽሑፍ ንጹህ ሕልና'የ ኣንቢበ። ልቢ ኢልኩም ኣስተማቕርዎ፡ "ንገዛይ ሰለስተ ግዜ ተሳሊመ ተፋኒየያ" ኣብ "እግሪ'ታ ዓባይ እምኒ ኮይነ ንዓደይ ተመልኪተያ" እቲ ወተሃደር ኣማዕድዩ ምስ ረኣየኒ ኣይዞህ (ኣጆኻ) ኢሉኒ። እቶም ወተሃደራት ደጊፎም ኣሳሊዮምኒ። ማይን ባኒን ሂቦምኒ። ብጻየይ ከይተረዳእኒ ወጊሓ ምስ በለኒ፡ ቀሲንካ "ነጻነት የብላን መሰታ" ይብል ነፍስሄር የማነ ገብረሚካኤል (ባርያ) ሕጂ'ያ ነብስኻ ነጻነት ክትለማማዶ ኢለዮ …ወዘተ ዝብሉ ቃላትን ሓሳባት ንጽህና'ዮም ዘመልክቱ። እቲ ዛንታ ሓቀኛ ዛንታ ምዃኑ'ዮም ዘረድኡ። በዚ ሕሳባት'ዚ ኣሚነ ድማ'የ ብኣድናቖት በርትዕ ኢለ ከተባብዖን ካልኦት ኣሰሩ ክኽተሉ ብማለት ገለ ክብል ኣለኒ ኢለ ዝተበገስኩ።

ሳልሳይ ክፋሉ ይቕጽል

ዓንደ ብርሃን'የ ካብ ኢትዮጵያ

ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ፡ 07-04-2017